# የሃና ንመበል 20 ዓመት በዓል ነጻነት ኤርትራ

ነዛ ዕለት እዚኣ ከነብዕል እንከሎና ታሪኽና ሓኺኹ መንነትና ካብ ገጽ መሬት ንምጥፋእ ዝሓለነ መግዛእቲ ኢትዮጵያ ድሕሪ ናይ ሳላሳ ዓመት ምርብራብን ከቢድ መስዋእቲ ከፊልና እቲ ዘይከውን ዝመስል ዝነበረ ክውን ከምዝኸውን ክንገብሮ ዝኸኣልና ሳላ ጽንዓትን ተወፋይነትን ተጋደልትናን ሓርበኛ ህዝብናን'ዩ። እዛ ዕለተ ናጽነት ንዘልኣለም ክትዝከርን ክትብዕልን ጉቡኣ ስለዝኾነ ብስም ሰልፊ ዴሞክራሲ ኤርትራ የሃና እንቛዕ ኣብዚ ኣብጽሓና ንብል።

ታሪኽ ንድሕሪት ምልስ ኢልና ክንዝክሮ እንተደኣ ኮይንና ቅድሚ 20 ዓመት መግዛእቲ ኢትዮጵያ መሰል ናይ ምዝራብን ምጽሓፍን ጊሂሱ ፖለቲካዊ ስልጣን ብዉሑዳት ኢትዮጵያውያንን ሰዓብቶምን ተባሒቱ፣ መሰል ኤርትራዊ ተጋሂሱ፣ ዝተቓወመ ብጋህድን ብስውርን ተቐፊዱን ተረሺኑን ሰማዒ እዝኒ ምስ ሰኣነ ካብ ናይ መዋእል ከርፋሕ ናብራ ንሓንቲ መዓልቲኳ ትኹን ነጻነት ስለዝመረጽና፣ ነቲ ዘይስገር ዝመስል ዝነበረ መሪር ቃልሲ ሰጊርና ብሉጻት ከፊልና ነጻነት ተጎናጺፍና። ድሕሪ ሓርነት መላእ ህዝብና መሰላቱ ተሓሊዩ ኣብ ቅድሚ ሕጊ ብማዕረ ክእለ'ዩ ኔሩ ትምኒትናን ትጽቢትናን፣ ፍረጻማ ናይ ቃልስናን።

እንተኾነ ግዳ "ዘራጊ ማይ እንከሎስ ጽሩይ ማይ ኣይስተን" ከምዝበሃል መራሕቲ ህግደፍ ነቲ ዝነበረ ናይ ምክብባርን ምትሕልላይን፣ ኣነ ክሓልፍ ንስኻ ጽናሕ ዝብል ባህሊ ህዝባዊ ግንባር ወጊዱ ንዓይ ይጥዓመኒ፣ ብድሕረይ ሳዕሪ ኣይትብቆላ ዝብል ሜልኡ ንኽትግብርን፣ ሕጊ

ኣልቦነት፣ብልሸውና፣ስርቅን ምክሕሓድን ገኒኖም ኣረሜናዊ ኣተሓሕዘኦም ፍሉይ መለለይኦም ኮይኑ ሃገርን ህዝብን ኣብ ዘይወጻሉ ዓዘቕቲ ሽሚሞማ ይርከብ።

መራሕቲ ህግደፍ ንድኻሞም ክኸውሉን ናይ ስልጣን ዕድሚኦም ንኸናውሑን ዘይፍሕርዎ ጉድጋድ የሎን። ኣብ 1997 ሕጊ ቅዋም ተግቢሮም ስልጣን ንዋንኡ ዝኾነ ህዝቢ ከየረክቡ ዶባዊ ኩናት ምስ ኢትዮጵያ የኣቲዎሙና፣ካብዚ ከይተናገፍና ምስ ጁቡቲ ኣብ ካልእ ዶባዊ ኩናት ጠቢሶሙና፣ ስራዊትና ኣብ ጫድ ምህላዉ በዓል ኣልኣሚን መሓመድስዒድ ዓው ኢሎም ዝዛረቡሉ ዝነበሩ ናይ ኣደባባይ ምስጢር እዩ ነይሩ። ኣብ ጉዳይ ሱዳን ወግሔ ጸብሔ ኢዶም እናእተዉ ንግዜ ዝጽበ ውልዕ ጥፍእ ዝብል ዝምድናዊ ዝኸይድ ዘሎ። ኣብ ጉዳይ ሶማላውያን ኢድ ብምእታዎምን ንግብረ ሽበራውያን ኣልሸባብ ብምሕጋዞም ኣብ ሕቡራት ሃገራት ኤርትራ ማዕቀብ ተበይኑላ ኩለን ኣባል ሃገራት የተግብረአ ኣለዋ። ድኻማቶምን ጸማም እዝኖምን ሃገር ከይልክሙ ኣብ ከቢድ ስግኣት'ዮም ኣትዮም ዘለዉ። እዚ ኹሉ ዝግበር ዘሎ መናውራ ንረብሔኦም እምበር ንረብሓ ሃገርን ህዝብን ኣይኮነን።

ነጻነት ምስ ህሉው ኩነታት ኣዛሚድና ክብን ለጠቕን ከነብላ ኣይግባእን፣ክንከናኸናን ክንሕብሕባን'ዩ ዘሎና፣ ምኽንያቱ እቶም ዝሓለፉ ኣማኢት ኣሽሓት ስዉኣትና ውሕስ ሃገር ነጻነት ኣረኪቦሙና፣እንተ ንሕና ኸኣ ነጻነትና ዓቂብና ነቲ ንደልዮ ለውጢ ኣብ ትሕቲ ሃገራውነትና ክንጽዕረሉ ይግባእ። ሃገር ናይ ኩልና ስለዝኾነት ኩልና ድማ ኣብ ዘዘለናዮን ነጻነትና ከነብዕል፣ ኣኣብ ዝተመደብናዮ ስርሓት ሕግን ፍትሕን ከነንግስ ክንጽዕር ይግባእ፣ምኽንያቱ"ፍትሓውነት ካብ ነብሰኻ'ያ ትብገስ፡ እኩባት ፍትሓውያን ድማዮም ፍትሒ ዘንግሱ" ስለዝኾነ፡ ሕግን ፍትሕን ከነግስ ንዘይሕጋውያን ክንብድሆም ይግባእ። ብሕጊ እንዳባ ትፍለጥ ዝነበረት ሃገርና ኤርትራ ሕጊ ኣልቦ ስርዓት ነጊሱ ይርከብ። ኣብ ግዜ መግዛእቲ ጎዲሉ ዝነበረ መሰላትና ብዝተዓጻጸፈ መንገዲ ክንመልሶ ተቓሊስና፣ ሎሚ እቲ መባእታዊ መሰል ወዲ

ሰብ ተነፊጉና ናይ ምዝራብ መሰል ተሓሪሙና ክትዛረብ ኣይኮነን ክትዛረብ ሓሲብካ ኔርካ ተባሂሉ ንሙቃሓሉ እዋን ኢና ዘሎና።ስርዓት ህግደፍ ኣብ መበል ዕስራ ዓመት በዓል ነጻነት ኣብ ዝማዕበላ ሃገራት ዝወሃብ መሰል ናይ እንስሳታት፣ ንወዲ ሰብ ከልኪሉ ኣብ ዲቕ ዝበለ ምልኪ ይርከብ። ኣብ ሰሜናዊ ክፋል ኣፍሪቃን፣ ናይ ዓረብ ሃገራትን ባና ለውጢ ኣብ ግብሪ ይረጋገጹሉ ኣብ ዘለወሉ እዋን ስርዓት ህግደፍ መናውሒ ስልጣኑን ግዜ መዔደግን ምምሕያሻት ከምዘምጽእ መሲሉ እኳ ክቐርብ እንተፈተነ ንመሄመሊ እምበር ንፍጹም ለውጢ እንተዝኸውን እውጅ ምገበሮ። እቶም ብወጽዓ ካባና ዝሕሹ ብሰላማውን ፖለቲካውን ቃልሲ ለውጢ እንዳኣምጹ እቶም ንነጻነትናን ሓርነትናን ንልዕሊ ሳላሳ ዓመታት ዝተቓለስና ብተወፋይነትና ኣብ ዓለም ዘመስከርና ደቂ ኤርትራ፣ ንሓርነትና ኩሉ ንዋት ኣብ ቅድሜና ተቐሪቡ እንዳሃለወ ብዓይኒ ማዕዶ ካልኦት ለውጢ ከምጽኡልና ቀንፊዘው ንብል እንተድኣ ሃሊናን ብምህዳም ሽግር ክንፈትሕ እንተድኣ ተጸቢናን፣ እንትርፎ ክሳራን መፍቶ ካልኦት ካብ ምኻን ሓሊፍና፣ እቲ ሽግር ኣብ ቅድሜና'ዩ እቲ መፍትሒኡ ኸኣ ንዓና'ዩ ዝጽበየና ዘሎ። ኣብ ዝሓለፈ ወርሒ 325 ኤርትራውያን ኣብ ማእከላይ ባሕሪ ክብርቲ ሂወቶም ብምሕላፉ ከቢድ ሓዘን ተሰሚዑና ነቶም ስድራቤት ግዳያት ድማ ደጊምና ጽንዓት ይሃብኩም ንብል። እንተ ስርዓት ህግደፍ ግና ንኽብሪ ዜጋታቱ ሰንደቕ ዓላሙኡ ብሓዘን ምኽንያት ኣብ ፍርቂ ተሰቒላ፣ ኣብያተ ክርስትያናት ብምህለላ፣ ህዝቢ ብናይ ሕልና ጸሎት ክዝክሮም ይግባእ ኔሩ፣ ስርዓት ህግደፍ ግን ከምዛ ዘይፈልጦምን ዘይዜጋታቱን ካብ ስቕታን ጭርቃንን ሓሊፉ ኣይተሰቀሮን፣ እካድኣ ነቶም ጸሎት ዝገበሩ መራሕቲ ሃይማኖት ሞቂሑዎም፣ ነቶም ስድራቤት ግዳያት ድማ ኣብ ክንዲ ዝድብሶም ደጊሱዎም። ዝያዳ ተወጻዓይ እቲ ኣብ ውሽጢ ኣብ ትሕቲ'ቲ ስርዓት ዝነብር ህዝቢ'ዩ፣ እቲ ለውጢ ድማ በቲ ኣብ ውሽጢ ዝነብር ህዝብን ሰራዊትን'ዩ ክመጽእ ዘለዎ፣ እቲ ናይ ደገ ጻላውን ሓጋዝን እምበር ወሳኒ ኣይኮነን፣ ኣገዳሲ እንተኾይኑ'ውን ዘይንውፈየሉ ምኽንያት

የሎን። መለኽቲ እቶም ገሊኦም ክሃድሙ እቶም ገለ ድማ ክሙቁሕን ክሳሓጉን ንርእይ ኣሎና፣ መላኺ ስርዓት ህግደፍ’ውን ካዚ ዝተፈለየ ዕጫ ኣይኮነን ዝጽበዮ ዘሎ ካብ ናዕብን ለውጥን ፈሪሁ ክብህርር ይረኣይ ኣሎ። ነቲ ለውጢ ኣርሒቁ ክዓግቶን ንመሻርኽቱ ከድሕንን ንበዓል ቐዛፊ ሰራዊቱ ሊኢኹ ከድሕኖ ከንቱ ፈተነ ካብ ምክያድን ሓሊፉ ከድምዖ ዝኽእል ነገር የልቦን። ለውጢ ኣብ ሓጺር ግዜ ክመጽእ እንተኾይኑ እቲ ተወንዚፉ ዘሎ ህዝቢ ኤርትራ ተሰማሚዑ ዘጽደቆ ሕጊ ቅዋም ተግቢርካ ካብ ምልኪ ናብ ደሞክራሲ ምስግጋር’ዩ እቲ ቀንዲ መፍትሒ ኢልና ንኣምን።

ዮሃና ንመበል 20 ዓመት በዓል ነጻነት ኤርትራ!!!

ዘልኣለማዊ ዝኽሪ ንስዉኣትና!!!

ሰልፊ ደሞክራሲ ኤርትራ

2011-05-20